

: tigrinja
Informasjon til enslige mindreårige asylsøkere

NOAS

ሓበሬታ ንኣለይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ሓተትቲ ዑቕባ

ካብ 15 ክሳብ 18 ዓመት ዝኾንካ

ትሕቲ 18 ዓመት ዲኻ? ናብ ኖርወይ ብዘይ ወለድኻ ወይ ብዘይ ካልኦት ዝኣልዩኻ ሰባት፡ ዕቕባ ንኽትሓትት ዲኻ መጺኻ? ንዓኻ ኢና ኣላዩ ዘየብሉ ትሕቲ ዕድመ ሓታቲ ዕቕባ ኢልና ንጽውዖ።

ኣብ እዚ ሓጺር ጽሑፍዊ መግለጺ እዚ ከም ትሕቲ ዕድመ ሓታቲ ዕቕባ መጠን፡ ሕቶ ዕቕባ ኣብ ኖርወይ ምስኣቕረብካ እንታይ ከምዘጋጥመካ ከምኡ'ውን ብዛዕባ መሰላትካን ግቡኣትካን ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።

ብዛዕባ ኣብ ትውልዲ ዓድኻ ዘለው ስድራኻ፡

ምምሕዳር ስደተኛታት ኖርወይ ስድራኻ ኣበይ ከምዘለዉ እንድሕር ደኣ ዘይፈልጥ ኮይኑ ክደልዮም ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ስድራኻ ክትነግሮም ኣገዳሲ እዩ።

ብዛዕባ ስድራኻን ስድራኻ ኣበይ ከምዘለውን ንምምሕዳር ስደተኛታት ኖርወይ ምንጋር ኣገዳሲ እዩ።

ምምሕዳር ስደተኛታት ኖርወይ ንስድራኻ ክደሊ/ክእልሽ ይኽእል እዩ።

1. ዐቕባ ከወሃብ መሰል ዘለዎ መን እዩ?

- እንተድኣ ናብ ሃገርካ ተመሊስካ፡ ሓደጋ መቕተልቲ፡ ስቓይ፡ ወይ ካልእ ዓይነት ከቢድ ዓመጽ ከየጋጥመካ ዘስግኣካ ኮይኑ፡ ዐቕባ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

- እንተድኣ ሰብ መዚ ሃገርካ ሓለዋ ከንብሩልካ ዝኽእሉ ኮይኖም ወይ ድማ እንተድኣ ንዓኻ ውሑስነት ዘለዎ ቦታታት ኣብ ሃገርካ ሃልዩ ከም ልሙድ ኣብ ኖርወይ ዐቕባ ናይ ምርካብ መሰል የብልካን።

- ብዙሕ ግዜ ኣብ ኖርወይ ዐቕባ ንምርካብ ካብ ዘድልዩ ረጃሒታት፡ ንኣለይቲ ዘየብሎም ትሕቲ ዕድመ ሓተትቲ ዐቕባ ከማልእዎ ዘለዎም ረጃሒታት ካብ እቶም ንበጽሒ/ዓበይቲ ሰባት ዝምልከቱ ረጃሒታት ዝወሓዱ እዮም።

- መንዩ መሰል ዐቕባ ክረክብ ዝግብኦ ንዝብል ሓደ ዓለም ለኻዊ ስምምዕ ኣሎ። እዚ ስምምዕ እዚ ኖርወይ'ውን ክትክተሎ ትግደድ እያ።

2. ፍቓድ መንበሪ ብመሰረት ሰብኣዊ ርህራሄ ክረክብ ዝኽእል መን እዩ?

- እንተድኣ ዐቕባ ንኽትረክብ መሰል ዘይብልካ ኮይኑ፡ እቶም ሰብ መዚ ብመሰረት ጽኑዕ ሰብኣዊ ርህራሄ ወይ ፍሉይ ርክብ ምስ ኖርወይ ሃልዩካ፡ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ፍቓድ መንበሪ ንምርካብ ትበቅዕን ዘይትበቅዕን ምኺንካ ይግምግሙ።

3. ደረት ዘልዎ ፍቓድ መንበሪ ዝረክብ መን እዩ?

- ኣብ ኖርወይ ንምንባር ፍቓድ ተውህበካ እታ ሓንቲ ምኽኒያት ኡደኢ/UDI ናብ መበቆል ሃገርካ እንተተመሊስካ ብቐዕ ክንክን ከምእትረክብ ዝጠራጠሩ እንተኾይኑ፡ ውሱን ፍቓድ መንበሪ ክትረክብ ኢኻ። እዚ ኡደኢ/UDI ናይ ዐቕባ ሕቶኻ ኣብ ዝርእየሉ እዋን ዕድሜኻ ልዕሊ 16 ዓመት እንተኾይኑ እዩ ዝምልከተካ።

- እእዚ ፍቓድ መንበሪ እዚ 18 ዓመት ክሳብ ትመልእ ጥራይ እዩ ዘገልግል።

- እዚ ፍቓድ መንበሪ እዚ ክሕደስ ኣይክእልን እዩ፡ ከምኡ'ውን ስድራ ቤትካ ናብ ኖርወይ ንኽመጹ መሰል ኣይህብን እዩ።

4. ነቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ዐቕባ ትውሰን ሃገር መን እያ?

- ሕቶ ዐቕባኡ ኣብ ኖርወይ ክርኣየሉ መሰል ዘለዎ ኩሉ ሰብ ኣይኮነን። ናይ ዳብሊን ስምምዕ ኣብ ሞንጎ ኤውሮጳውያን ሃገራት ዝተገበረ ናይ ምትሕብባር ስምምዕ ኮይኑ ሓተትቲ ዐቕባ ጉዳዮም ብሓንቲ ካብ እዘን ሃገራት ጥራይ ይረአ ይብል።

- እንተድኣ ቅድሚ ናብ ኖርወይ ምምጻእካ ኣብ ካልእ ኤውሮጳውዊት ሃገር ዐቕባ ኣመልኪትካ ኔርካ፡ ወይ ወለድኻ ወይ ካልኦት ናይ ወላዲ ሓላፍነት ዘለዎም ሰባት ኣብታ ሃገር ሃልዮም፡ ሰብ መዚ ኖርወይ መታን ጉዳይካ ኣብታ ሃገር ክርአ ናብታ ሃገር ክመልሱኻ እዮም።

- ሰብ መዚ ኖርወይ ኣብ ካልእ ሃገር ዐቕባ ሓቲትካ ምንባርካ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ብምምዝጋብ ክፈልጡ ይኽእሉ እዮም።
- እንተድኣ ሰብ መዚ ኖርወይ ናብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ክሰዱኻ ወሲኖም፡ ነቲ ውሳኔ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣለካ፡ ጠበቓኻ'ውን ክሕግዘካ እዩ።

- ኣብ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ዐቕባ ሓቲትካ እንተ ኔርካ፡ ኣብቲ ምስ ኑኣስ (NOAS) ትዘራረበሉ እዋን ዝበለጸ ሓበሬታ መታን ክትረክብ ብዛዕባ እዚ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

5. ኣብ ኖርወይ ዘቕረብካዮ ሕቶ ዐቕባ ዝውስኖ መን እዩ?

ቤት ጽሕፈት ጉዳይ ወጻእተኛታት (ኡደኢ/UDI) ሓደ መንግስታዊ ትካል ናይ ኖርወይ እዩ። ኡደኢ/UDI ቃለ-መጠይቕ ንዓኻ የግብረካ፣ ፍቓድ መንበሪ ዝግብኣካን ዘይግብኣካን ምኽኑ ኸኣ ይውስን። ኡደኢ/UDI ንኹሉ ሕቶ ዐቕባ ብደቂቕ ይምርምርን ንነፍሲ ወከፍ ሕቶ ዐቕባ በብሓደ ይርእን።

6. ዐቕባ ክውሃበካ ምስ ኣመልከትካ እንታይ መስርሕ ይካየድ?

ከም ሓተቲ ዐቕባ ኣብ እንዳ ፖሊስ ትምዝገብ

- ፖሊስ ይስእሉኻን ኣሰር ኣጻብዕትኻ ይወስዱን። ስዒቡ ብዛዕባ መንነትካን ናብ ኖርወይ ብኽመይ ከምዝመጻእኻን ይሓቱኻ።
- መን ምኽንካ ዝገልጽ እንተድኣ ፓስፖርት ወይ ካልእ ሰነዳት ሃልዩካ ኣብ እዋን ምዝገባ ከተረክቦም ኣገዳሲ እዩ።

ናብ መቕበሊ ስደተኛታት ትግዕዝ

- ድሕሪ ምዝገባ ናብቲ ንኣለይቲ ዘየብሎም ትሕቲ ዕድመ ሓተትቲ ዐቕባ ዝተዳለወ መቕበሊ ስደተኛታት፡ ነተን መጆመርታ መዓልትታት ኣብኡ ንኽትጸንሕ ብመኪና ክትውሰድ ኢኻ።
- ጸኒሕካ ናብ ካልእ መቕበሊ ስደተኛታት ክትግዕዝ ኢኻ።

- እንተድኣ ኣብ ኖርወይ ንልዕሊ 3 ወርሒ ንከትጸንሕ ተኽእሎ ሃልዮን ዕድሜኻ ትሕቲ 16 ዓመት ኮይኑን፡ ትምህርቲ ንኽትመሃር መሰልን ግዴታን ኣለካ። እንተድኣ ዕድሜኻ ካብ 16 ክሳብ 19 ዓመት ኮይኑ ትምህርቲ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ ግና ግዴታ የብልካን።

- እንተድኣ ዘጸግመልካ ነገር ሃልዩ ምስ እቶም ኣብቲ መቐበሊ ስደተኛታት ዝሰርሑ ኣባላት ክትዛረብ ኣገዳሲ እዩ። እትብሎ ከሰምዑኻን ከምኡውን ሓገዝ እንተደሊኻ ክሕግዙኻን እዮም። እቶም ኣባላት ኣብቲ መቐበሊ ናይ መዓልታዊ ምእላይካ ሓላፍነት ኣለዎም።

መርመራ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ክግበረልካ እዩ

- ኣብተን ናይ መጀመርታ መዓልትታት ኣብቲ መቐበሊ ስደተኛታት መርመራ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ክግበረልካ እዩ። እዚ ኩሉ ሰብ ግዴታ ክገብሮ ዘለዎ እዩ። እንተድኣ ሕማም ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ተረኺቡካ ሕክምናዊ ረዲኤት ክግበረልካ እዩ።

- ሕክምና ዘድልዮ ብርቱዕ ጥዕናዊ ሽግር እንተሃልዩካ ንቢት ጽሕፈት ጥዕና ክትሕብሮም ይግባእ።

ሓበሬታን መምርሕን ብኑኣስ/NOAS ክወሃበካ እዩ

- ኑኣስ/NOAS ብዛዕባ ስርዓት/ኣገባብ ዐቕባ ተርኢ ናይ ሓበሬታ ፊልም ኣጸቢቑ ብዝርድኣካ ቋንቋ ክርእየካ እዩ።

- እታ ፊልሚ ድሕሪ ምርኣይካ ምስ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ኑኣስ/NOAS ክትዘራረብ ኢኻ።እቲ ዝርርብ ኣጸቢቑ ብዝርድኣካ ቋንቋ ክግበር እዩ። ንስኻ ብዛዕባ መስርሕ ሕቶ ዕቕባን ከምኡ'ውን ብዛዕባ መሰላትካን ግቡኣትካን ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ። እቲ ዝርርብ ነቲ ዝግበረልካ ቃለ መጠይቕ ንክትዳሎ ክሕግዘካ እዩ። እቲ ዝርርብ ዕቕባ ንምርካብ ዝምልከት ዘሎካ ሕቶታት ንምሕታት ክትጥቀሙሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

- ኑኣስ/NOAS ሓደ ዘይመንግስታዊ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ኮይኑ፡ ንምርግጋጽ መሰላት ሓተትቲ ዕቕባ ኣብ ኖርወይ ይሰርሕ።

- እቶም ናይ ኑኣስ ሰራሕተኛታት ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ንኑኣስ እትነግሮም ዘበለ ወላሓደ ነገር ንኡደኢ፡ ፖሊስ ወይ ካልኦት ኣይመሓላለፍን እዩ። ስለዚ ንምንታይ ዕቕባ ትሓትት ከምዘለኻ ብዝርዝር ንምግላጽ ክትፈርሕ የብልካን።

ሓጋዚ መጉዚ/hjelpeverge ክግበረልካ እዩ

- እቲ ዝምደበልካ ሓጋዚ መጉዚ/hjelpeverge ሓደ በጽሒ/ዓቢ ሰብ ኮይኑ፡ ኩሎም ዝግቡኡኻ መሰላት ንክትረክብ ክከታተለካ እዩ። እዚ ሓጋዚ መጉዚ ልክዕ ከምቲ ልሙድ ስድራኻ ምሳኻ እንተዝህልዉ ኔሮም'ሞ ክወስድዎ ዝኽእሉ ውሳኔ ንሱ'ውን ከምኣቶም ኮይኑ ክውሰን ይኽእል።

- ብዘይ ወለድኻ ወይ ካልኦት ኣለይቲ ኣብዚ ክሳብ ዘለኻ እዋን፡ ክሳብ 18 ዓመት ትመልእ ናይ ሓጋዚ መጉዚ መሰል ኣለካ።

- እቲ ሓጋዚ መጉዚ ኣብ ኡደኢ ዝሰርሕ ኣይኮነን።

- እቲ ሓጋዚ መጉዚ ኣብቲ ምስ ኡደኢ እትጉበሮ ቃለ-መጠይቕ ክህሉ እዩ።

- እንተደኣ ናብ ካልእ መቐበሊ ስደተኛታት ግዚዝካ፡ ካልእ ሓድሽ ሓጋዚ መጉዚ ክምደበልካ እዩ።

ጠበቓ ይግበረልካ

- ጠበቓ ሕግታት ኖርወይ ብስርዓት ዝፈልጥ ኮይኑ ኣብ ሕቶ ዕቕባኻ ዝሕግዘካ ሰብ እዩ።

- ኩሎም ብሩኡይ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ቅድሚ ናይ ዕቕባ ቃለ መጠይቕ ምስ ኡደኢ ምግባሮም ነጻ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ይረኽቡ። ካልኦት ግና ድሕሪ እቲ መረጋገጺ ዕድመ መርመራታት ምግባሮም ወይ ናይ ዕቕባ ቃለ-መጠይቕ ምግባሮም እዩ ጠበቓ ዝግበረሎም።

ብኡደኢ ቃለ-መጠይቕ ክግበረልካ እዩ

- እታ ናይ ዕቕባ ቃለ-መጠይቕ እታ ካብ ኩሉ ኣገዳሲት መድርኽ ንምንታይ ዕቕባ ክትረክብ ተመልከት ከምዘለኻ ንኡደኢ/UDI ትገልጸላን ንዓድኻ እንተተመሊስካ እንታይ ከምዘፍርሐካን ትገልጸላ እያ። ናይዚ መብርሂ ብዝርዝርን ብጭብጥን ክትህብ ኣለካ።

- ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ ትገብረሉ እዋን፡ ብዛዕባ መንነትካ፡ ስድራቤትካን ጉዕዞኻ ናብ ኖርወይ ክትገልጽ ኢኻ።
- ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ ዝግበረሉ እዋን፡ ንስኻን፡ ካብ ኡደኢ ቃለ-መጠይቕ ዘግብረካ ሰብን፡ ሓጋዚ መጉዚኻን ተርጓማይን ክካፈሉ ኢዮም።
- ተርጓማይ ብዘይካ እቲ ንስኻትኩም ንሓድሕድኩም ትዘራረብዎ ምትርጓም፡ ካልእ ወላሓደ ተራ የብሉን፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ቃለ-መጠይቕ ዝግበረሉ እዋን ዝረኣዮ ወይ ዝሰምዮ ንኻልኦት ሰባት ክነግር ኣይፍቀደሉን እዩ።

ናይ ዕድመ መረጋገጺ መርመራ

- ኣብ ኖርወይ ዕቕባ ክትሓትት ከለኻ ዕድሜኻ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ኣመልከትቲ ከም ቆልዑ ስለ ዝቐጸሩ ካብ ናይ በጽሒታት/ዓበይቲ ዝበዝሑ መሰላት ኣለዎም።
- ቆልዑ ካብ ናይ በጽሒ/ዓበይቲ ንላዕሊ ዝበዝሐ መሰላት ስለዘለዎም፡ ገሊኦም በጽሒ/ ዓበይቲ ትሕቲ 18 ዓመት እዩ ዕድመና ብምባል ዕቕባ ይሓቱ። ገሊኦም ሓተትቲ ዕቕባ ኽኣ ዕድመኦም ብልክዕ ኣረጋጊጾም ኣይፈልጡዎን እዮም። ስለዚ እዩ ክኣ ኡደኢ ዳርጋ ንኹሎም እቶም ካብ 15 ክሳብ 18 እዩ ዕድሜና ዝብሉ ናይ ዕድመ መረጋገጺ መርመራ ኽግበረሎም ፍቓደኛታት እንተ ኾይኖም ዝሓቱዎም።
- እቲ ናይ ዕድመ መርመራ ሕክምናዊ መርመራታት ኮይኑ፡ ዕድመኻ ክንደይ ምኽኑ ግምት የርኢ። ብዛዕባ እዞም መርመራታት እንታይ ከምዝመስሉ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትቅበል ኢኻ።
- ኡደኢ ዕድሜኻ ክንደይ ምኽኑ ክሕብር ዝኽእል መረጋገጺታት ከም ኣብነት ወረቐት መንነት፡ ምስክር ወረቐትን ወይ ሓበሬታ ካብ ካልኦት ሃገራትን ኣብ ግምት የእቱ እዩ። ኣብ ምጽራይ ዕድሜኻን መንነትካን ክትተሓባበር ኣገዳሲ እዩ።
- እቲ ናይ ዕድመ መርመራ ብድሌት እዩ ዝግበር።እንተድኣ ክትምርመር ፍቓደኛ ዘይኸንካ፡ከም እኹል ሰብ ክትግመት ተኽእሎ ኣሎ።እዚ ኽኣ ነቲ ተቕርቦ ሕቶ ዕቕባ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- እንተድኣ ብፍላጥ ግጉይ ዕድመ ሂብካ፡ እሞ ኡደኢ ኣብ ኖርወይ ዕቕባ ኣየድልየካንዩ ኢሉ ገምጊሙ፡ ካብ ኖርወይ ክትጥረዝ ትኽእል ኢኻ።እዚ ምጥራዝ ኣብ መጻኢ ናብ ኖርወይን ካልኦት ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳን ተመሊስካ ከምዘይትመጽእ ክገብረካ ይኽእል እዩ።
- እንተድኣ ኡደኢ/UDI ዕድሜኻ ልዕሊ 18 እዩ ኢሉ ሓሲቡ፡ ሓጋዚ መጉዚ/hjelpeverge ወይ ጠበቓ ኣይግበረልካን እዩ። እንተድኣ ሕቶ ዕቕባኻ ተነጺጉ ጠበቓ ክግበረልካ እዩ።

ካብ UDI ዝወሃበካ መልሲ:
ፍቓድ መንበሪ ወይ ምንጻግ

ጠበቓኻ ኣብ ኖርወይ ንኽትጸንሕ ከምዝተፈቐደልካን ዘይተፈቐደልካን ክነግረካ እዩ።

ፍቓድ መንበሪ እንተተዋሂቡካ፡ ኣብ ሓደ ምምሕዳር/ኮሙነ ክትቅመጥ ኢኻ

- ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ካብቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ክወሃበካ ኢዩ።

እንተድኣ ውሱን ፍቓድ መንበሪ ተዋሂቡካ፡ናብ ካልእ መቐበሊ ስደተኛታት ክትግዕዝ ኢኻ።

- ነዚ ዝተዋህበካ ውሱን ፍቓድ'ዚ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።ጠበቓኻ ነዚ ብዝምልከት ክተሓጋገዘካ ኣዩ።
- ነዚ ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ መቐበሊ ክትረክብ ኢኻ።

እንተድኣ ዘቕረብካዮ ሕቶ ዐቕባ ተነጺጉ፡ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ

- ከም ልሙድ መስርሕ፡ ናይ እቲ ናይ ይግባይ መልሲ ክሳብ ዝመጸካ ኣብ ኖርወይ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ።
- ጠበቓኻ መታን ሰብ መዚ ኖርወይ ነቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ መሊሶም ክርእዩዎ፡ ናይ ይግባይ ደብዳቤ ኽትጽሕፍ ክተሓጋገዘካ እዩ።

እንተድኣ ይግባይ ዝበልካዮ'ውን ተነጺጉ፡ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ኣለካ

- ካብ ዓለምለኻዊ ማሕበር ፍለሳ/ስደት (ኢኡኤም/IOM) ንመምለሲ ጉዕዞኻ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኢኡኤም/IOM ወጻኢታት ጉዕዞኻ ክሸፍኖ ይኽእል እዩ። ሰነዳት ጉዕዞ ንኽትረክብ'ውን ከተሓጋገዘካ ይኽእል እዩ።
- ነዚ ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ መቐበሊ ክትረክብ ኢኻ።

ናብ ሃገርካ ክትምለስ እንተደሊኻ ሓገዝ ክትረ ክብ ትኽእል ኢኻ

- ቅድሚ ካብ ኡደኢ መልሲ ምርካብካ፡ ወይ እቲ ዘቕረብካዮ ይግባይ ክሳብ ዝረአ ወይ ድሕሪ ሕቶ ዕቕባኻ ምንጻጉ፡ ናብ ዓድኻ ንኽትምለስ እንተ ደሊኻ ሓገዝ ክትረከብ ትኽእል ኢኻ።

- እቲ ሓጋዚ መጉዚ/hjelpeverge ነዚ ውሳኔ ከሰማማዓሉ ኣለዎ።

- ንጉዕዞኻ ዝተሓጋገዘካ ኢኡኤም/IOM እዩ።ኢኡኤም ወጻኢታት ጉዕዞኻ ክሸፍኖ ይኽእል እዩ። ከምኡ'ውን ሰነዳት ጉዕዞ ንኽትረከብ ክተሓጋገዘካ ይኽእል እዩ።

- እንተድኣ ብሓገዝ ኢኡኤም/IOM ናብ ዓድኻ ብድሌትካ ተመሊስካ፡ ሓገዝ/ገንዘብ ክትረከብ ይከኣል ይኸውን እዩ። ሰብ መዚ ኖርወይ ምስ ገለ ሃገራት ናይ ዳግም ምጥያስ መደብ ኣለዎም። እንተድኣ ከምዚ ዝኣመሰለ መደብ ኣብ ሃገርካ ሃልዩ፡ ናብ ዓድኻ ኣብ ትጉዓዘሉ እዋን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ክትረከብ ትኽእል ኢኻ።

- ብዛዕባ'ዚ ምስ'ቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መቐበሊ ተዘራረብ፡ ከምኡ'ውን ንምምላስ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብኦም ክትረከብ ኢኻ።

ኣገደስቲ ምኽርታት ኣብ ናይ ዕቕባ ቃለ-መጠይቕ

- ስለምንታይ ሃገርካ ገዲፍካ ክትወጽእ ከምዝተገደድካ እንተተመሊስካ'ውን እንታይ ከምዘፍርሓካ ብዝርዝር ብዓሚቑ ግለጽ።

- ኣቓልቦኻ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ተመኩሮን፡ ንሃገርካ እንተተመሊስካ እንታይ ኪጋጥመካ ከምዝኽእልን ይኹን።

- ንዕድሜኻ ኣብ ዝምልከት ሕቶ ብዝርዝርን ብዓሚቑን መልስ።
- ብዝተኻእለ መጠን እቲ ልክዕ ወይ ቁኑዕ መልሲ ሃብ።
- ነቲ ቃለ-መጠይቕ ዘግብር ዘይተረድኣካ ነገር እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ ኩብርሃልካ ሕተቶ።
- እንተድኣ ምስ ናይ ሕቶ ዐቕባኻ ዝተኣሳሰር ሰነዳት ሃልዩካ፣ ምሳኻ ናብቲ ቃለ-መጠይቕ ክትማልኦ ይግባእ።
- ሓቂ ንገር። ዘይቅኑዕ ሓበሬታ እንተድኣ ሂብካ ሳዕቤን ምንጻግ ሕቶ ዐቕባኻ ከስዕበልካ ይኽእል እዩ።
- ካብ ኖርወይ'ውን ክትጥረዝ ትኽእል ኢኻ። እዚ ክኣ ጸኒሕካ ናብ ኖርወይ ይኹን ናብ መብዛሕተን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ተመሊስካ ናይ ዘይምምጻእ ሳዕቤን ከምጽኣልካ ይኽእል እዩ።

ከም ሓታቲ ዐቕባ ዘለካ ግቡኣትን መሰላትን

መንነትካ ንምጽራይ ኣብ ዝግበር መስርሕ ናይ ምትሕብባር ግዴታ ኣለካ

ሰብ መዚ ኖርወይ መን ምኻንካ ዕድሜኻ ክንደይ ምኻኑን ክፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እዩ ክኣ መን ምኻንካ ዘረጋግጹ ሰነዳት ከተረክብ ኣገዳሲ ዝኾውን። እንተድኣ ብሰብ መዚ ሃገርካ ምክትታል ዝግበረልካ ኮይኑ ሰብ መዚ ኖርወይ ምስኣም ተራኺብካ ሰነዳት ንኽተቕርብ ኣይሓቱኻን እዮም።

እንተድኣ ሰብ መዚ ኖርወይ ብመንነትካ ተጠራጢሮም እዞም ዝስዕቡ ኪጋጥሙኻ ይኽእሉ እዮም።

- ኣይትእመንን
- ፍቓድ መንበሪ ናይ ምርካብ ዕድልካ ይጐድል
- ክትረኽቦም እትኽእል ዝነበርካ መሰላት ምስኣን
- ድሩት ፍቓድ መንበሪ ምርካብ

ቅኑዕ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ግዴታ ኣለካ

ከም ሓታቲ ዐቕባ ንምንታይ ዐቕባ ከወሃበካ ትሓትት ከምዘለኻ ክትገልጽ ኣለካ።ስለዚ ብዝተኻእለካ መጠን ክትተሓባበርን ኣድላዩ ሰነዳት ንምቕራብ ዝከኣለካ ዘበለ ኩሉ ክትገብርን ኣሎካ። ዐቕባ ከወሃበካ ቅድሚ ምምልካትካ ካብ ካልኦት ሰባት ዝሰማዕካዮ ብዘየገድስ፣

ንሰብ መዚ ኖርወይ እቲ ቅኑዕ ድሕረ ባይታ ምኽንያት ዐቕባ መሕተቲኻ ክትነግሮም ኣገዳሲ እዩ። ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ምሃብ ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ። ካብ ሃገር'ውን ከስጉነካ ይኽእል እዩ።

ዐቕባ ሓቲትካ መልሲ ኣብ እትጽበየሉ ግዜ ናይ ስራሕ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ

እንተድኣ መንነትካ ዘረጋግጽ ሰነድ ኣቕሪብካ ከም ልሙድ ፓስፖርት፣ ዘቕረብካዮ ሕቶ ዐቕባ መልሲ ክሳብ ዝወሃበካ ናይ ምስራሕ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። መጉዚ/hjelpeverge ነዚ ክሰማምዓሉ ኣለዎ። ከምኡ እውን ንትምህርትኻ ዘባኹር ክኸውን የብሉን።

ኣገልግሎት ሕክምና ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ
መልሲ ሕቶ ዐቕባኻ ንክወሃብካ ኣብ ትጽበየሉ ግዜ ኣድላዩ ሕክምናዊ ረዲኤት ክትረክብ መሰል ኣለካ። ኩሉ ልዕሊ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ኣብ ኖርወይ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ብጽሒቱ ክሽፍል ኣለዎ። እንተድኣ ናይ ስነ- ኣእምሮ ሓኪም/ሳይኮሎጂስት ሓገዝ ዘድልየካ ኮይኑ፡ ኡደኢ/UDI እቲ ወጻኢታት ክሸፍነልካ ይኽእል እዩ። ነዚ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ ምስቶም ኣብቲ እትነብረሉ መዕቆቢ ስደተኛታት ዝሰርሑ ተራኸብ። እንተድኣ ብርቱዕ ጥዕናዊ ጸገማት ሃልዩካ ንኡደኢ/UDIን ንመጉዚኻን/hjelpeverge ሓብሮም።

ሕቶ ዐቕባኻ ክትስሕቦ ትኽእል ኢኻ
ዘመልከትካዮ ሕቶ ዐቕባ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትስሕቦ ትኽእል ኢኻ። ናብ ሃገርካ ንምምላስ ናይ ኢኡም/IOM ሓገዝ ክተመልከት ትኽእል ኢኻ።

ወለድኻ ወይ ካልኦት ቤተሰብካ ንምድላይ ሓገዝ ትደሊ ዶ?
እንተድኣ ወለድኻ ወይ ካልኦት ቤተሰብካ ንኽትረኽቦም ሓገዝ ደሊኻ ምስ'ቶም ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ መቐበሊ ተራኸብ።

ቀይሕ መስቀል ስድራኻ ኣብ ምርካብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ምዕቃብ ምስጢር

ፖሊስ፡ኡደኢ/UDIን፡ኡነ/UNEን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ክኣ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዐቕባ ንሰብ መዚ ሃገርካ ሓበሬታ ኣይህቡን እዮም ማለት እዩ። ከምኡ'ውን ንኣብ መስርሕ ናይቲ ዘመልከትካዮ ዐቕባ ዘየለዉ ሰባት ዝተዛረብካዮ ሓበሬታ ኣይህቡን እዮም። ምጥሓስ ምዕቃብ ምስጢር ብሕጊ ዘቕጽዕ እዩ። ስለዚ ንምንታይ ዐቕባ ከምዘድልየካ ብዝርዝር ንምግላጽ ክትፈርህ ኣይግብኣካን እዩ።

ተርጓሚ፡ ጠበቓ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕናን ኑኣስን/NOASን'ውን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም።እዚ ማለት ወላሓደ ዝነገርካዮ ንኻልኣ ሰብ ዋላ'ውን ንኡደኢ/UDI፡ኡነ/UNEን ፖሊስን ኣይነግርዎምን እዮም።

ኣድራሻታት

ፖሊስ ጨንፈር ጉዳይ ወጻእተኛታት (POLITIETS UTENDINGSENHET)

ፖሊስ ነቶም ሓደስቲ ዝመጹ ሓተትቲ ዐቕባ ይምዝግብ።
ፖሊስ ነቶም ሕቶ ዐቕባኦም ምስተነጽግ ብድሌቶም ካብ ኖርወይ ዘይወጹ ሓተቲ ዐቕባ ኣሰንዩ ናብ ዓዶም ከምዝምለሱ ይገብር።

ኣድራሻ ፖስታ፡ Postboks 8102 Dep., NO-0032 Oslo, Norway
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡ Christian Krohgs gate 32, 0186 Oslo
ቁጽሪ ስልኪ፡ +47 22 34 24 00, ፋክስ +47 22 34 24 80
E-mail: pu@politiet.no

ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን/ጉዳይ ወጻእተኛታት (ኡደኢ/UDI)

እዚ ሓደ መንግስታዊ ትካል ኮይኑ ንሕቶ ዐቕባ፡ ምትእኽኻብ ስድራ ቤት፡ ቪዛን ዜግነትን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ይርኢ። ብተውሳኺ'ውን ኡደኢ/UDI ናይ መቐበሊ ስደተኛታት ቦታ ከዳሉ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኣድራሻ ፖስታ፡ Postboks 8108 Dep., NO-0032 Oslo, Norway
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡ Hausmannsgt. 21, 0182 Oslo
ቁጽሪ ስልኪ፡ +47 23 35 15 00, ፋክስ፡ +47 23 35 15 01
Website: www.udi.no, E-mail: ots@udi.no

ዓለምለኻዊ ማሕበር ፍለሳ/ስደት (ኢኡኤም/IOM)

ሓበሬታ ብዛዕባ ሓገዝ ረኺብካ ብድሌትካ ምምላስ

ኣድራሻ ፖስታ፡ Postboks 8927 Youngstorget, 0028 Oslo, Norway
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡ Storgata 10a, ካልኣይ ደርቢ, Oslo.
ቁጽሪ ስልኪ፡ +47 23 10 53 20, ፋክስ፡ +47 23 10 53 21
E-mail: osloreturn@iom.int

ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ናይ ስራሕ መዓልትታት:10:00 – 15:00, ቀዳመ-ሰንበት፡ ዕጹው

ኡትለንዲንግስነምዳ/UTLENDINGSNEMNDA-UNE(ሰማዒ ይግባይ ኣብ ጉዳይ ወጻእተኛታት)
እዚ ንቤት ፍርዲ ዝመሳሰል ኮይኑ ነቶም ኡደኢ/UDI ሕቶ ዐቕባኦም ዝነጸጎም ዝርኢ ትካል መንግስቲ እዩ።

ኣድራሻ ፖስታ፡ Postboks 8165 Dep., -0034 Oslo, Norway
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡ Stenersgt. 1B/C, 0050 Oslo
ቁጽሪ ስልኪ፡ +47 21 08 50 00, ፋክስ፡ +47 21 08 50 01
Website: www.une.no, E-mail: postmottak@une.no

ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኖርወይ (NORGES RØDE KORS)
ብሰንኪ ውግእ፡ ግጭት ወይ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ ዝተፈላለዩ ኣባላት ስድራ ቤት ኣብ ምድላይን ምርካብን ይነጥፍ። ማሕበር ቀይሕ መስቀል ብዛዕባኻ ንኡደኢ/UDI ወይ ንኻልኦት ኣካላት ሓበሬታ ኣይህብን እዩ። እቲ ዝህቦ ኣገልግሎት ብናጻ እዩ።

ኣድራሻ ፖስታ፡ Postboks 1 Grønland, 0133 Oslo
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት፡ Hausmannsgt. 7, 0186 Oslo
ቁጽሪ ስልኪ፡ +47 22 05 40 00
Website: www.rodekors.no, E-mail: tracing@redcross.no

ኑላስ/**NOAS** ሓደ ዘይመንግስታዊ ሰብኣዊ መሰል ማሕበር ኮይኑ ሓበሬታን ሕጋዊ ሓገዝን ንሓተቲ ዐቕባ ይህብ።

እዚ ሓጺር ጽሑፋዊ መግለጺ ንዓኻ ዐቕባ ሓቲትካ ኣብ ኖርወይ ጸግዒ ክወሃበካ ተመልከት ዘለኻ ኣገዳሲ ሓበሬታ ሒዙ ይርከብ።

ኖርወጂያዊ ማሕበር ንሓተትቲ ዐቕባ(NOAS)
ኣድራሻ ቤት ጽሕፈት: Torggata 22, 0183 Oslo, Norway
ኣድራሻ ፖስታ: P.O.Box 8893 Youngstorget, NO-0028 Oslo, Norway
ስልኪ፡ : +47 22 36 56 60, ፋክስ፡: +47 22 36 56 61
Website: www.noas.org, E-mail: noas@noas.org